orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

Informationen in anderen Sprachen
Informations en langues étrangères
Informazioni in lingue straniere

ከመይ ገርካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ትደሊ፡

ኣቀዲምካ ሞያ ምምራጽ

ሞያ ምስ መረጽካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ድለ። እንታይ ማለት እዩ ፈሊጥካ ኣለኻ ክእለት ከም ዘለካ ነቲ ዝመረጽካዮ ሞያ። እዚ ምፍላጥ ኣድላዩ እዩ የሕግዘካ ፈሊኻ ቦታ ክትደሊ። ኣየድልየካን እዩ ኣብ መጀመሪያ ብዘይ መደብ ዝረኽብካዮ ነጻ ቦታ ክትቅበል።

ኣድራሻታት ምድላይ

ኣየናይ ትካላት ኣብቲ ዝመረጽካዮ ሞያ ትምህርቲ ነጻ ቦታ ኣለዎም ንዝመጽእ ዘሎ ዓመት ክትፈልጥ ኣለካ። ነዚ ክትፈልጥ ዝተፈላለየ መገድታትን ሓገዝን ኣሎ።

- ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ[1] ዝርዝር ኣስማት ትካላት ኣብቲ ዝመረጽካዮ ሞያ ዘምህሩ ትረክብ ኢኻ።
- ኣብ ኢንተርነት ነጻ ቦታታት ናይ ሞያ ትምህርቲ ረአይ[2]።
- ኣብ ጋዜጣታትን ምቻልሕታትን ወይ ኣብ ሆምፐጅ ናይ ትካላት ረአይ።
- ብዙሓት ተመሃሮ ብዝፈልጥዎ ሰብ ወይ ብኣዝማዶም ኢዮም ስራሕ ዝኣትዉ። እዚ ፍልጠትን ዝምድናን ተተቐመሉ።

ርክብ ምግባር

ሕጂ ኣድራሻታት ሒዝካ ኣለኻ ነቶም ትካላት ነጻ ቦታ ብምህላዎም ሕተት። ደዊልካ ኣፍልጥ ወይ ብኣካል ኪድ። ሕተቶም ነጻ ቦታ ኣለና ኢንተኢሎሙኻ ከመይ ገርካ እቲ ጽሑፍ ተቅርቦ ሕተት። ካብ ትካል ናብ ትካል ይፈላለ እዩ ኣለዋ ትካላት ብጽሑፍ ክተመልክት ዝደልዩ ኣለዉ ገለ ገለ ክላለዩኻ ዝደልዩ፡ እቲ ኣገዳሲ ግን ድልየቶም እዩ።

ብጽሑፍ ምቕራብ ንነጻ ቦታ

ውዒሉ ሓዲሩ ኣይተርፍን እዩ ብጽሑፍ ክትቀርብ። እዚ ጽሑፍ ከመይ ክምገዛሓፍ እንታይ ትሕዝቶ ክህልዎ ዘሎ ስርዓት ኣለዎ። ኣብ ቤት ትምህርትን ቤት ጽሕፈት ናይ ኣገልግሎት ንሞያ ምኽርን ከመይ ከም ዝዓሐፍ ሕተት እንተጸጊሙካ ኣብኡ ሓገዝ ትረክብ ኢኻ። ኣብ ኢንተርነት ክኣ ዝሕግዘካ ጽሑፍ ትረክብ ኢኻ[3]። ኣገዳሲ እዩ እቲ ጽሑፍ ክይሰደድካዮ ንፈላጥ ክተርኢዮ ክእርሞ። ወረቓቅቲ ወይ ጽሑፋት ክጐድል የቡኡን ምስቲ ሞያን ትካልን ክኸይድ ኣለዎ ገጋታት ክህልዎ የቡኡን። ምኽሪ ክንውስኸልካ እንተተኻኢሉ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ጽሑፍ ስደድ ዕድልካ ነጻ ቦታ ክትረክብ ክሰፍሕ።

ገምጋም ምህላው

ኣድላዩ እዩ ገምጋም ብዛዕባ ኩሉ ትገብሮ ክህሉወካ። ዝበለጸ ኣብ ጽሑፍ ኣስፍሮ መዓስ ብጽሑፍ ከምዝቀረብካ መዓስ ከምዝቈጸሩኻ ስጋብ መዓስ ካኣ መልሲ ዝህቡኻ። ብኡኡ ኩሉ ግዜ እንታይ ከምተሰለጥ ካብ መን መልሲ ከምትጽበ መዓስ ከም ትጥይቕ ትፈልጥ።

---

[1] ነፍስ ወከፍ ዞባ (ካንቶን) ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ኣለዎ። እቲ ኣድራሻታት ኣብ ቤት ትምህርቲን ማሕበርካን ወይ ክኣ ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ።
Deutsch: www.berufsberatung.ch/biz Français: www.orientation.ch/offices Italiano: www.orientamento.ch/uffici

ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ብፍሉይን ሐጺርን ሽም እዩ ዝፍለጥ።
ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ BIZ, Laufbahnzentrum
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ OP, SOPFA, OFPC, COS, OROSP, CIO, OCOSP
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ orientamento, UOSP

[2] ነጻ ቦታታት ናይ ሞያ ትምህርቲ
ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ www.berufsberatung.ch/lehrstellen
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ www.orientation.ch/apprentissage
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ www.orientamento.ch/tirocinio

[3] ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ www.berufsberatung.ch/lehrstellenbewerbung
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ www.orientation.ch/candidature-apprentissage
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ www.orientamento.ch/candidatura-tirocinio

ፈተነን ዝርርብን ምሕላፍ

ብዙሓት ትካላትን ማሕበራትን ፈተነ ናይ ተውህቦን ክእለትን የግብሩ ኢዮም። ኣፍልጦ እንታይ ዓይነት ፈተነ ኣብ ዝመረጽካዮ ሞያ ዝጸንሓካን ዝጽበየካን ክህልወካ ኣለዎ።

ኣብ ምርጫ እንተበጺሕካ እቲ ሓለቓ ክላለየካ ደልዩ ማልት እዩ። እቲ ዝርርብ ምስ ሓለቓ ጽቡቅ ገርካ ኣዳልዎ እንታይ ከምትሕተት እንታይ ከምትምልስ ሕሰብ። ትጠራጠር እንተኾንካ ምስ ካልእ ሰብ ተማኺኽር። ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ ብኣካል ጽቡቕ እንተቀሪብካ። ኣርኢዮም ድለትን ተገዳስነት ከምዘለካ።

ምንጻግ ተጻወር ከኣሎ

ነጻ ቦታታት ክትረክብ ኣብ ብዙሕ ሞያታት ከቢድ እዩ። ብኡኡ ምኽኒያት ክትጽበ ኣለካ ከምዝነጽጉኻ። ተስፋ ኣይትቕረጽ ምድላይ ኣይትግደፎ ከም ናይ ቀደምካ ጸዓር። ስለምንታይ ከምዝነጽጉኻ ሕተት ንመጻኢ ምናልባት ክትመሐይሽ ብእኡ ዝያዳ ዕድል ክህልወካ እኽእል እዩ።

ተዓጻጻፍነት ክህልወካ

ኣብቲ ዝደለኽዮ ሞያ ነጻ ቦታ እንተዘይረኺብካ ኣብ ሓደ ሞያ ጥራሕ ኣይትድረቕ። ብኡኡ ኣገዳሲ እዩ ነጻ ክትኸውን ካልእ መፍትሒ ክትረክብ። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ እቲ ዝተመነኽዮ ቦታ ኣብ ነዊሕ ግዜ እንተዘይረኺብካዮ ናይ ግድን እዩ እቲ ኩነታት ክምርመር።

መርምር ካልእ ሞያ ምስቲ ዝሓሰብካዮ ሞያ ዝተሓሓዘ ክትመሃር ወይ ሓደ ዓመት ካልእ ክትገብር ወይ ኣብ ተግበራዊ ልምምድ ክትሰርሕ ወይ ሓደ ዓመት ቋንቋ ክትመሃር ወዘተ። ከይጾንገኻ ወስን ዘድልየካ ሐበራታ ክትእክብ ሐገዝ ክተምጽእ። ምስ ኣማኺርቲ ናይ ኣገልግሎት ሞያ ምክሪ ተዛራረብ መደብ ከመይ ከም ትቅጽል ኣውጽእ። መባእታዊ ሞያዊ ትምህርቲ (ወይ ማእከላይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲ) ክትፍጽም ንመጻኢ ሂወትካ ኣገዳሲ እዩ። ዝተፈላለየ መገድታት ኣለካ ክትምዕብል።